# ርጡብ/ጥሉል/ዝጠልቀየ መሸፈኒ ቁስሊ ከመይ ንጥቀመሉ

**ዝጠልቀየ መሸፈኒ ኣብዝግበረሉ እዋን እቲ ቐዳማይ ቀጸላ ዝጠልቀየ እዩ እቲ ካልኣይ ቀጸላ ዝነቐጸ እዩ፤ እዚ ነቲ ጠሊ ኣብ ውሽጢ ንክጸንሕ ይሕግዝ። ዝጠልቀየ መሸፈኒ ንቆርበት ምንቓጽ ክፈጥር ስለዝኽእል ሙሉእ ማዓልቲ ምጥቃም ኣየድሊን።**

**ንዓኹም ዘድልየኩም:**

- ጽሩይ ዓብይ ዓሚቕ ሽሓኒ
- ብመጠኑ ሙዉቕ ዝበለ ማይ
- ንዝጠልቀየ ቀጸላ ዝኸውን ንውሕ ዝበለ ናይ ጡጥስረ
- ንዝነቐጸ ቀጸላ ዝኸውን ንውሕ ዝበለ ናይ ጡጥ ስረ (ንኣብነት፡ ናይ ቢጃማ ሱረ)
- ንዝጠልቀየ ቀጸላዝኸውን ነዊሕ እጅገ ዘለዎ ናይ ጡጥ ሸሚዝ/t-shirt ንዝጠልቀየ ቀጸላዝኸውን ነዊሕ እጅገ ዘለዎ ናይ ጡጥ ሸሚዝ/t-shirt
- ንዝነቐጸ ቀጸላ ዝኸውን መሸፈኒ ነዊሕ እጅገ ዘለዎ ናይ ጡጥ ሸሚዝ/t-shirt
- ናይ መሕጸቢ ዘይቲ – 1 ሙሉእ ኩባያ ከምኡ ንምግባር እንተተመኪሩ
- ኮርቲዞን (Cortisone) ክሪም ወይኻእ ቅብዓት ብሓኪም እንተተኣዚዙ
- ቆርበት መለስለሲ ቅብዓት




ቅድሚ ምጅማርኩም ን ኣእዳውኩም ተሓጺብኩም ኣንቅጽዎ።




ነቲ ፍርቒ መበጽበጺ ጎድጓዳ ሻሓኒ ምውቕ ብዝበለ ማይ ምልእዎ።




ንምግባር እንተተሓቢሩ፤ 1 ኩባያ ሙሉእ ናይ መሕጸቢ ዘይቲ ወስኽ።




ኣብቲ ሻሓኒ 1 ስረን 1 ነዊሕ እጅገ ዘለዎ ናይ ጡጥ ሸሚዝ/t-shirt ግበር።




ብሓኪም እንተተኣዚዙ ንኹሉ መበላይ/ኤክዘማ ዘለዎ ቦታ ኮርቲሶን ክሪም ወይኻዓ ቅብዓት ግበርሉ።




ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ'ቲ ዝጠልቀየ መሸፈኒ ናይ ቆርበት መለስለሲ ቅብዓት ንክትገብረሉ ትሕበር ይኸውን። እቲ ጉዳይ ከም'ዚ እንተኾይኑ፤ ኣብ ሙሉእ ሰብነትን ገጺ ናይ ቆርበት መለስለሲ ቅብዓት ግበሩ።




ዝጠልቀየ ጨርቂ ኣብ ውላድኻ ግበር።




ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝጠልቀየ ጨርቂ ዝነቐጸ ጨርቂ ኣብ ውላድኻ ግበር።




እቲ ንዝጠልቀየ መሸፈኒ ኣብዝነቐጸሉ ቐልጢፍካ ኣልግሶ ኣብ ሙሉእ ሰብነትን ገጺን ናይ ቆርበት መለስለሲ ቅብዓት ግበር።

ንመግቢ ዘይምስምማዕ/ኣለርጂ መከላኸሊ ፕሮጀክት ዝተመስረተ ብ

ascia australasian society of clinical immunology and allergy

national allergy council

Allergy & Anaphylaxis Australia

እዚ ፕሮጀክቲ ሓገዝ ገንዘብ
ካብ ኣውስትራሊያ መንግሥቲ ሓለዋ ጥዕና መምርሒ ተቐቢሉ እዩ።

ብኹርዓት ዝተደገፈ ብ

Perth Children's Hospital Foundation